
# መእተዊ




ብዘምሄረት ዮውሃንስ

ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኢጣልያዊ መግዛእታዊ ምትእትታው ታሪካዊ ነጥበ-መቐይሮ ስለዘመልክት ማዕሪኡ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ከም ሓደ ህዝቢ ክፈልቕ ዝጀመረ ህዝቢ ኤርትራ፡ ታሪኹ ምስ ምምጻእ ኢታልያውያን ገዛእቲ ከም ዘይጀመረ ርዱእ እዩ። እብ መንጎ ቅድመ-መግዛእታውን መግዛእታውን መድረኻት ታሪኹ ግን፡ ዓይነታዊ ፍልልይ ስለዘሎ ስለ`ዚ እዩ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ታሪኻዊ ነጥበ-መቐይሮ ዘምልክት - እቲ ፍልልይ`ዚ ኣብ ምምርማር ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ክስሓት ኣይግባእን። ቅድመ-መግዛእታዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ እቲ ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ዝጀመረ ጥንታዊ ታሪኹ ከም ህዝቢ - ናይ ዞባና ህዝብታት ናይ ሓባር ታሪኽ ምኳኑ ከይተዘንግዕ - ክጉሰ ዝኽእል ወይ ኣትሒትካ ዝጥመት ኣይኮነን። ንሱ፡ ታሪኻዊ ውርሻ ህዝቢ ኤርትራ - ጎረባብቱ ህዝብታት እንተላይ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ንዘመናዊ ታሪኹ`ውን ጸልዩ። ይኹን`ምበር፡ ንታሪኻዊ ኣመዓባብላ ህዝቢ ኤርትራ ብወድዓዊ ኣረኣእያ ንምርዳኡ ኣብ መንጎ ቅድመ-መግዛእታውን መድረኻት ታሪኹ ንዘሎ ዶብ ምንጻር የድሊ። ኤርትራ ከም ሓንቲ ፓለቲካዊ ኣሃዱ ብመግዛእቲ ስለዝተፈጥረት፡ ታሪኻ ኣብኡ ከምዝጅመር ምርግጋጽ፡ ታሪኽ ህዝብታት ምኽሓድ ዘይኮነ፡ ሃገራት ኣብ ሳልሳይ ዓለም ውጽኢት ዘመናዊ መግዛእታዊ ታሪኽ ምኳነን ምቕባል እዩ።

እቲ ኣብ ትሕቲ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ከም ሓደ ሃገር ክቐውም ዝጀምረ ናይ

በበይኖም ኤትኒካዊ ጕጅለታት ህዝቢ ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ቅድሚ መግዛእቲ ነናይ ገዛእ-ርእሱ ታሪኻዊ ምዕባለ ስለዝነበሮ - ሓድሕዳዊ ምትእስሳራት ከይተሳሕተ - ታሪኹ ከም ብምምጻእ ኢጣልያውያን ዝተበገሰ ጌርካ ምቕራቡ መሰረታዊ ጌጋ እዩ። ዘመናዊ ታሪኽ ህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብኣውራኡ ከም ምእንቲ ሓርነቱ ዝተቓለሰ`ሞ ናይ ባዕሉ ሃገራዊ ታሪኽ ዝሃነጸ ዘሎ ህዝቢ መጠን - ካብ ምምጻእ ኢጣልያዊ መግዛእቲን ምፍጣር ግዝእቲ ኤርትራን ከም ዝጀምር ምፍላት ንሓደ ታሪኻዊ ሓቅነት ምርግጋጽ እዩ። ብዓንድ-ርእሳ ኤርትራ ጥራይ፡ ከም ውስንትን ፍልጥትን ጂኦግራፍያዊት ኣምር፡ ከም ንጹርን ሕጋውን ዝወሰናስና ፓለቲካዊት ኣሃዱ፡ ብማሕበረ-ቍጠባዊ ኣጠማምታ ድማ፡ መግዛእታውን ዘይተመጣጠነን ድሑርን`ኳ እንተኾነ፡ ከም ርእሰማላዊ ቍጠባን ዕዳጋን ተኣታትዩ ክዓብየላ ዝጀመረ ቍጠባዊ ኣሃዱ መጠን ናይ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ታሪኻዊ ውጽኢት እያ። እዚ ከኣ፡ ዘመናዊ ታሪኽን ዕድሎትን ኵሎም ግዙኣትን ሓውሲ ግዙኣትን ዝነበሩ ህዝብታት ሳልሳይ ዓለም፡ ብኸምኡ ዝኣመሰለ ኤውሮጳዊ መግዛእታዊ ምትእትታው ስለዝተወሰነ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ ዕጫ ኣይኮነን።

ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር መድረኽ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ነይሩ። መሰረት ዘመናዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዝተነጽፈሉ መድረኽ ስለዝኾነ ከኣ፡ ናይ`ዚ ዝሓለፈ ሓደ ዘመን ታሪኻዊ መስርሓት ንምርዳእ መበገሲ እዩ። ስለ`ዚ ብዛዕባ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ ምምርማር ኣድላይነቱ ኣየማጕትን። ነዚ መድረኽ`ዚ ምምርማርን ምግላጽን ድማ፡ ንዘመናዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣውራ ከኣ ነቲ ቀንዲ ባእታኡ ዝኾነ ኤርትራዊ ሃገራውነት ብዝያዳ ዕምቈትን ንጹርነትን ንምግንዛብ ኣድላዪ መቕድም እዩ። ከመዮ ኤርማታድያ፡ ዝበለቶ ከኣ፡ ``ኣመጻጽኣ ጠለብ ናጽነት ኤርትራ በቲ ኣብ እዋን መግዛእቲ ዝመጸ ማሕበራውን መዋቕራውን ምቅይያራት ክግለጽ`` ይከኣል።

ንታሪኽ ምርዳእ፡ ምትርጓም ናይ ሓደ እዋን ዕማም ጥራሕ ኣይኮነን፡ ንነፍስ-ወከፍ ወለዶ ከም ብሓድሽ ዝብድህ ዕማም ስለዝኾነ፡ ``መወዳእታ ዘይብሉ``መስርሕ`ዩ። ንታሪኽ ምትራኽ፡ ጭብጥታትን ፍጻሜታትን ብልክዕ ምዝርዛር፡ ኣድላዪ`ኮ እንተኾነ፡ ኣኻሊ ኣይኮነን። ኪኖኡ ንታሪኽ ምትርጓማን ምግንዛባን ስለዝዓዝዝ ከኣ ከምቲ ሪቻርድ ግሪን ፊልድ፡ ታሪኽ ንዝሓለፈ ብልክዕ ምቕራብን ምትርጓምን ጥራሕ ኣይኮነትን፡ ንታሪኽ ምግንዛባ ቀጻሊ መስርሕ`ዩ`` ዝበሎ`ዩ። ንዓና ኤርትራውያን ከኣ እዚ ``ቀጻሊ መስርሕ`ዚ ስጕሚ-ብስጕሚ ክንከዶ ይጽበየና ኣሎ።

ታሪኽ ምምርማር ግን ብኸመይ ? ኣብ እንታይ ብምምርኳስ`ከ ብዛዕባ ታሪኽ ህዝብና ብሓፈሻ፡ መድረኽ መግዛእቲ ኢጣልያ ድማ ብፍላይ ዝተገብሩ ሓያሎ ምርምራዊ ስርሓት ኣሎው። መብዛሕትኦም ኣብ ናይ`ቲ መግዛእታዊ መንግስቲ ምንጭታት ዝምርኰሱን፡ ብወጻእተኛታት፡ ኣውራ ድማ ኢጣልያውያን ዝተገብሩን

ስለ ዝኾኑ ግን፡ ንታሪኽ ብዓይኒ ገዛእቲ እምበር ብዓይኒ እቲ ግዙእ ህዝቢ ኣየቕረቡን። ንኹሉ`ዚ ምርምራት`ዚ ምንጻግን ምኹናንን ቅኑዕ`ኳ እንተዘይኮነ፡ ንአድላይነት ናይ ኣብ ምንጪታት ህዝብና ተምርኲስካ ክግበር ዘለዎ ምርምር ክትክእ ከም ዘይክእል ብሩህ ክኸውን ኣለዎ። ስለ`ዚ፡ ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ዘሕለፎ ተመኲሮ፡ ብኣጠማምታኡ ናይ ምትርጓሙ ብድሆ ቀጻሊ ኣሎ። ንመግዛእቲ ኢጣልያ ብዓይኒ ህዝብና፡ ብመንጽር ኣብ`ቲ መድረኽ`ቲ ህዝብና ዘሕለፎ ታሪኻዊ ተመኩሮ- ኣብ ሕብረተሰቡ ዝመጹ ለውጥታት፡ እቲ መግዛእታዊ መንግስቲ ብዕስክርና፡ ግብሪ፡ ምምሕዳር፡ ካልኦት ፖሊስታቱን ስጕምትታቱን ዘተኣታተዎ ምቅይያራትን ጽልዋኡን፡ ጸረ-መግዛእታዊ መኸተ ህዝብና፡ እቲ መግዛእታዊ ፖለቲካዊ ቍጠባ ዘምጽኦ ማሕበረ-ቍጥባዊ ለውጥታት (ምፍጣር ሓደስቲ ደርብታት፡ ምዝርጋሕ ትሕተ-ቅርጽታት፡ ምዱኳን ከተማታት፡ ምትካል ፋብሪካታትን ዘመናዊ ሕርሻታትን)፡ እዚ መግዛእታዊ ተመርኲሮ`ዚ ኣብ ማሕበራዊ ንቕሓትን ስነኣእምሮን ህዝቢ ኤርትራ ዝሓደጎ ስምብራት ወዘተ - በዚኣቶምን ካልኦትን ጉዳያት ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዕጡብን ሰፊሕን ምርምር ምክያድ ይጠልብ። ከም`ዚ ዝኣመሰለ ምርምራዊ ስራሕ ምክያድ ከኣ ኣዝዩ ብርቱዕን ግዜን ዓቕምን ዝሓትትን ምዃኑ ኣየጠራጥርን። ኣብ`ዚ ሜዳ`ዚ እቲ ብናይ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ናይ መጽናዕቲ ኣሃዱ ኣፈታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ንምእካብ ተገይሩ ዘሎ ስራሕ ዛጊት እቲ እንኮ ክጥቀስ ዝኽእል ኣገዳሲ ስራሕ`ዩ። ኣብ`ዚ ወረቐት`ዚ ከኣ ከም ቀዳማይ ምንጪ ክጥቀመሉ ፈቲነ ኣለኹ።

እዚ ጽሑፍ`ዚ ብዛዕባ መኸተ ኤርትራውያን ኣንጻር ኢጣልያዊ መግዛእቲ ናይ ምትራኽን ምምርማርን ኣፈናዊ ፈተነ እዩ። ኣብ`ዚ ጽሑፍ`ዚ፡ ጸረ-መግዛእታዊ መኸተ ከም ናይቲ ግዙእ ሕብረተሰብ መልሰ-ግብሪ ንመግዛእቲ መጠን ነቲ መግዛእታዊ ተመኩሮ ብዓይኒ እቲ ግዙእ ህዝቢ ኣብ ምትርጓሙን ምግንዛቡን ከም ዘገልግል ብምርዳእ፡ ነዞም ዝስዕቡ ክልተ ሕቶታት ንምጽናዕ ተፈቲኑ ኣሎ።

1-ኣንጻር ኢጣልያዊ መግዛእቲ ናይ ኤርትራውያን መኸተ ነይሩ`ዶ ?
2-እንተነበረ`ኸ ጠንቁን መርኣያታቱን እንታይ ነይሩ ? ኣመዓባብላኡ`ኸ ?
ነዞም ሕቶታት`ዚኣቶም ንምምርማር፡ ብቐዳምነት ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ መኸተ ከም ዝገጠሞ ብጭብጥታት ንምርግጋጽ፡ ምሉእ`ኳ ኣይኩን`ምበር፡ ይዕበይ-ይንኣሱ ፍጻሜታት ንምትራኽ ተፈቲኑ ኣሎ። እቲ ካልኣይ ሕቶ ግን፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ተቓዋሚ ወይ ኣብያ ጠንቂ እንታይ ምንባሩን እቲ መኸተ ብኸመይን ብምንታይን ከምዝተጋህደን፡ ከምኡ ድማ ኣመዓባብላ መኸተ ኤርትራውያን ብሓፈሻን ምምርማር ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ኣብዝን ኣብትን ተተናኺፉ ኣሎ ጥራሕ`ዩ ክበሃል ዝከኣል። ስለ`ዚ እዚ ወረቐት`ዚ፡ ሓይሉ ብዝያዳ መኸተ ኤርትራውያን ምንባሩ ንምርግጋጽ ዝኽእል ጭብጥታት ኣብ ምቕራብ ድኣ`ምበር

ጠንቅታቱን ኣመዓባብልኡን ኣብ ምትንታን ኣይኮነን። ግን ንመኸተ ኤርትራውያን ኣንጻር መግዛእቲ ጣልያን`ውን ኣማሊኡ ይትርኾ እዩ ማለት ኣይኮነን።

መኸተ ኤርትራውያን ንኢጣልያዊ መግዛእቲ ሓደ ካብ`ቶም ብፍላት ይኹን ብዘይፍላጥ ኣዝዮም ዝተደናገሩ ናይ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ጉዳያት እዩ። ኤርትራውያን ንኢጣልያውያን መግዛእቲ ኣይተቓወሙን ዝብል ኣረኣእያ: ኣብ ሓያሎ ናይ ታሪኽ ኤርትራ መጻሕፍቲ ስለ ዝሰፈረ ጥራሕ ተቐባልነት ረኺቡ ጸኒሑ ኣሎ። ትራቨስኪስ ንኣብነት: ``. . . ናይ ኤርትራውያን ቅሬታ ኣይነበረን። .ኣብ መላእ እዋን ኢጣልያዊ መግዛእቲ: ህዝቢ ኤርትራ ዕጉብ: ልኡምን ንገዛእቱ ምእዙዝን እዩ ነይሩ`` ክብል ኣብ`ታ ``ኤርትራ - ኣብ ምስግጋር እትርከብ ግዝእቲ`` ዘርእስታ ውርይቲ መጽሓፍ: እንግሊዛዊ ኣመሓዳሪ ኤርትራ ዝነበረ ስቲፈን ሎንግሪግ ከኣ ብወገኑ: ``እቶም ነቲ ትሕዞ ብሓይሊ ዘይተቓወሙ ደቀባት ኤርትራ: በቲ (ኢጣልያዊ) ምምሕዳር ብሓፈሻ ብጽቡቕ ድሌትን ሓልዮትን ይተሓዙ ነይሮም:`` ክብል ጽሒፉ ኣሎ።

እዞም ክልተ ኣብነታት`ዚኣቶም: ነቲ መኸተ ኤርትራውያን ከም ብዛዕባ ``ቅቡል`` ክውሰድ ዝጸንሐ ኣተሓሳስባ የንጸባርቑ። ግን ብሓቂ`ዶ ከም`ዞም ጥቕስታት ዘመልክትዎ ዘለው: መኸተ ኣይነበረን እዩ ?

ከም`ዚ ኣብ`ዚ ጽሑፍ`ዚ ስዒቡ ዝረጋገጽ: ኣብ እዋን ኢጣልያዊ መግዛእቲ መኸተ ኤርትራውያን ሰፊሕን ቀጻልን`ኳ እንተዘይነበረ: ተቓውሞ ኣይነበረን ኢልካ ምምጓት`ሲ መሰረት የብሉን። ነዚ ኣመልኪቱ: ሮይ ፓትማን ``ጥቕሲ ትራቪስኪስ ጽቡቕ ኣብነት ናይ`ቲ ንታሪኽ ኤርትራ ኣብ እዋን ኢጣልያዊ ጎበጣ ዝወሃብ ዝውቱር ኣተረጓጉማ እዩ። መርትዖታት ብቐረባ ምስ ዝምርመር ግን ኣብ መላእ እዋን ኢጣልያዊ መግዛእቲ ናይ ኤርትራውያን መኸተን ተቓውሞን ቀጻሊ ያታ ምንባሩ የርኢ:`` ይብል። `` ከምቲ ሮይ ፐትማን ዝገለጾ ``ናይ ኤርትራውያን መኸተን ተቓውሞን ቀጻሊ ያታ`` ምባል`ኳ ዝተጋነነ እንተኾነ: ብፍላይ ኣብ ገለ እዋናት: ኣብ`ቲ ናይ 1890`ታት ናይ ኢጣልያዊ ምምሕዳር ፈለማ ዓመታት: ከምኡ ድማ ኣብ`ቲ ናይ 1935-36 ወራር ንኢትዮጵያ: ሓያሎ ናይ ኤርትራውያን ጸረ-መግዛእታዊ ተቓውሞታት ምንባሮም: ኢጣልያዊ መግዛእቲ ከም ዝተመከተ ብዘየማትእ የረጋግጹ። ስለ`ዚ እዚ ከም ``ቅቡል`` ክውሰድ ዝጸንሐ ኣረኣእያ`ዚ: ብታሪኻዊ ጭብጥታት ዘይተደገፈን ግጉይን ምኳኑ ምርግጋጽ ናይ`ዚ ጽሑፍ`ዚ ዕላማ`ዩ። ይኹን`ምበር: እቲ ሕቶ ኣብ ህላወን ዘይህላወን: ወይ ``ዓቐናዊ`` ክትዕ ብዛዕባ መኸተ ክሕጸር ኣይግባእን። ስግሩ ናብ ``ዓይነታዊ`` ክትዕ ብምኻዱ ናይ`ቲ መኸተታት ታሪኻዊ መበቆልን ኣመዓባብላን ምምርማር ዝዓበየ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ኣብ`ዚ ክትዕ`ዚ ብቐዳምነት ናይ ሓደ ህዝቢ መኸተ ንመግዛእትን ባዕዳዊ ዕብለላን ብታሪኻዊ ኲነታቱ ዝውሰን ምዃኑ ብግቡእ ምግንዛብን ከም ቀንዲ መበገሲ ምውሳዱን የድሊ። ሽሕ`ኳ ጭቆና መኸተ ከም ዘኽትል እተፈለጠ እንተኾነ፡ መኸተ ብጭቆና ጥራሕ ኣይውሰንን እዩ። ትሕዝትኡን መልክዑን ከኣ በቲ ዝኸሰተሉ ማሕበረ-ቍጠባውን ፓለቲካውን ኲነታት እዩ ዝውሰን። እዚ እቲ ኣብ መንጎ ጭቆናን መኸተን ብሓፈሻ ዘሎ መጎታዊ ምትእስሳር ምግላጽ ከም ሓፈሻዊ ትርጒም መበገሲም`ኳ እንተኾነ ኣኻሊ ከምዘይኮነ የረድእ። ምኽንያቱ፡ ጭቆና ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ታሪኻዊ ኲነታት ኣይኮነን መኸተ ዘኽትል። መኸተ መልሰ-ግብሪ ንጭቆና`ኳ እንተኾነ ማዕረ-ማዕረ ጭቆና ኲሉ ሳዕ ብዘይምቍራጽ ይህሉ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ታሪኽ ጭቆና ፍጹም ዝዕብልለሉ፡ መኸተ፡ ዋላእቲ ዝተሓተ መርኣያታቱ ዝኾነ ውሱን ተቓውሞታት`ውን ከይተረፈ ዝዳኸመሉ፡ ናይ ጸላም እዋናት ኣሎ። በንጻሩ፡ ጭቆና ዝብድሃሉን ዝሰዓረሉን፡ መኸተ ከኣ ዘስፋሕፍሓሉን ዝዕወተሉን እዋናት`ውን ኣሎ። እቲ ነዚ ዝውስን ናይ`ቲ ዝጭቆንን ዝምክትን ህዝቢ ታሪኻዊ ኲነታት እዩ። ስለ`ዚ፡ እቲ ጭቆና ግድን መኸተ የኸትል ዝብል ስነ-መጎት ካብ ታሪኻዊ ኲነታት ምስዝንጸል ትርጒሙ የጥፍእ። ጸረ-መግዛእታዊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንምግላጽ እምበኣር፡ ካብ`ቲ ታሪኻዊ ኲነታት ምጅማር የድሊ።

ኣስመራ መጋቢት 2010

Awghet Bookstores